ቢሮ ኮንስትራክሽን መንገዲ መጋዓዝያን ክልል ትግራይ ኣብ 2010 በጀት ዓመት ንቢሮ ግልጋሎት ዝዉዕል ዝተፈላለዩ ናይ ሎት ሐደ ናይ መኪና ጎማን ባትሪታትን ሎት ክልተ መሳርሒ ፅሕፈት ሎት ሰለስተ ኣቅሑት ዉፅኢታት ሕትመት ካብ ሕጋዉያን ነጋዶ በግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 18, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 5, 2010 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 5, 2010 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/

1 ናይዚ ዘመን በቲ ዘርፊ ናይ ዘመን ዝተሓደሰን ፍቃድ ንግዲ ዘለኩም

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለሊ ቁፅሪ ዝተመዝገበኩምሉ ቲን ሰርቲፍኬት ክተቅርቡ ትክእሉ

3 ናይ ዘመን ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነተ ሰርቲፊኬት ዘለኩም

4 ናይ እሴት ታክስ VAT ዝተመዝገበን ናይዚ ዓመት ግብሪ ዝከፈልኩምን ናይ ዝከፈሎ ናይ ወርሒ ለካቲት 2010 ዓ/ም ድክለረሽን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

5 ተጫረቲ ንነብስወከፍ ጨረታ ዘይምለስ 50 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ቢሮ ኮንስትራክሽን መንገዲ መጋዓዝያን ክልል ትግራይ ደይሬክቶረት ዕደጋ ፋናንስን ንብረት ምምሕዳርን ኣብ ኮምፕሌክስ ህንፃ 3ይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 179 ካብ 18/07/2010 ዓ/ም ከሳብ 5/08/2010 ዓ/ም ሰዓት ቅድሚ ቀትሪ 4:00 ኣብ ስራሕ ሰዓት እንዳመፃእኩም ክተእትዉ ትክእሉ

6 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መክበሪ ንሎት ሐደ ንናይ መኪና ጎማን ባትሪን 3000 ቅርሺ ንሎት ክልተ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ 5000 ቅርሺ ንሎት ሰለስተ ናይ ሕትመት 15000 ቅርሺ ብ ሲፒኦ(CPO) ወይ ድማ ናይ ባንኪ ወሕስና ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ይክእሉ

7 እቲ ጨረታ 5/08/2010 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4:00 ተዓፁዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቢሮ ኮንስትራክሽን መንገድን መጓዓዝያን ክልል ትግራይ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ ንብ/ምም ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ተወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ሳልሳይ ደብሪ ቁፅሪ 171 ይክፈት :: ተጫረቲ ወይ ተወከልቶም እንተዘይተረኪቦም እቲ ጨረታ ንምክፋት ኣይታዓናቐፍን

8 ጨረታ ሰዓራይ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3ተ ናይ ቅሬታ ማዓልቲ ኣብ ዉሽጢ 3† ናይ ስራሕ ማዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል

9 ካብ ጠቅላላ ዝሰዓሮ ዋጋ 10 ሚእታዊ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ስፒኦ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ወይ ብጥረ ገንዘብ ነአፈፃፅም ዉዕሊ ዉሕስና የትሕዝ

10 በቲ ቢሮ ተዳልዩ ዝተወሃበ መዐቀኒ (ስፐስፊከሽን መሰረት) : ብፅሬትን መጠንን ብጊዜን ብዉዕሊ መሰረት ናይ መሳርሒ ፅሕፈት ናይ መኪና ጎማን ኣብ ዉሽጢ 15 ተከታተልቲ መዓልቲ ንሕትመት ድማ ኣብ 60 መዓልቲታት ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ እቲ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ወፃኢ ናብቲ ቢሮ ከረክብ ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 መወዳደደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ብዝተዓሸገ ፖስታ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፈርማን ክህልዎ አለዎ

12 እቲ ዝቀረበ ንብረት ብበዓል ሞያ ተሪኡ ዋና ወይድማ ኦርጅናል ምካኑ እንድሕር ተረጋጊፁ እቲ ቢሮ ኣታዊ ከምዝገብሮ እናዳገለፀ እቲ ንብረት ብሰብ ሞያ ተፈቲሹ ርክክብ ይፍፀም

13 እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብክፋል ወይ ድማ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344411052 ደዊልኩም ምሕታት ይካኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle